# ድሕሪ “ይኣክል”… ናበይ?!




“ይኣክል” ምባል ደጊም…… “ይእከለና”

ካብ ዘረባ ኣብ ግብሪ…. ምስጋር ይሕሸና

ከነድሕና ሃገርና…. ተሰሪዕና… ሓቢርና

ንንቓሕ ንወደብ ንተዓጠቅ ነበርከት እጃምና

***

“ይኣክል” ንበል ብዕሊ.. ንጀምር ብ“ነፍስና”

ኣንነት ትወግድ ፍልልይ ውድብኩም ውድብና

ሃገራዊ ዕላማ ይኹን….መሪሕና መትከልና

ሕድሪ ጀጋኑና ኣይጠለም ብሉጻት ስዉኣትና

***

ኣብ ዘይሰምዓካ ደብሪ… ኣይትማህለል !!!

ጊዜና ኣይነጥፍእ ኣይንበል… **ሃጠውቀጠው**

ንበደሆ ወዲ ሻቃ.... ከይበልና ወዓል ሕደር

ይኣክል ንበሎ ብግብሪ.. ነፈድሶ ንዘልኣለም

***

ከይሓረስካ ኣይሕፈስንዩ ኣይርከብን እቶት

ከይተቃለስካ ኣይቅየርን'ዩ.. ክውንነት ኩነት

ነቒሕና ንቓለስ ብግብሪ ብቅንዕና ተወፋይነት

ንግበረሉ ደረት ናይ ህዝብና... ስቓይ ምረት

***

ይኣክል ንበል ኩሉና

ብግብሪ ንቓለስ ሓቢርና

ገንዘብን ጊዜን ነበርከት ከይሰሰዕና

ንኽፈል መስዋእቲ ከነተግብር ሕልምና

***

የለን ዕላማ ብዘይግብሪ..... እተጋህደ

ኣየናይ ስርዓት'ዩ ብ"ይኣክል" ዝለቀቐ!

ኣየናይ ዕላማዩ.. ብትምኒት እተወድዐ?

ነተግብር ዕላማና... ብዘይሕለል መኸተ

***

ድልየት እዩ ወሳኒ... ተወፋይነት እንተሎ

ንበዓል ንጹር ዕላማ... እንታይ ይሕለሎ?

ናይ ጃንሆይ ደርጊ.... ታሪኽ ዘመዝገቦ

ይካኣል’ዩ ክድገም… በዚ ሓዲሽ ወለዶ

***

“ይኣክል” ምባል ኣብ ግብሪ ቶርጉምና

ብጅግንነት ትብዓት....ክንቓለስ ኢና

ክወግሓሉ’ዩ ነዚ ዕጉስ.... ህዝብና

ዓወትና ናይ ግድን እዩ ኣጆኹም ኣጆና

**ዓምር (መልበን – ኦስትረልያ)**

**15/03/2019**

**15** ***ወርሒ መጋቢት*** **64** ***ተጋሩባ ዓባይ ሓበን***